ነዚ ኢመይል ኣብ ብራውዘርኩም ርኣዩ




26 የካቲት 2024



# ብዋና-ኣማሓዳሪ ዚእለ ቤት ምኽሪ ወለዲ ፍሉይ ትምህርቲ

ኣብ DeKalb County School District ዝርከብ SEEPAC፡ ብዋና-ኣማሓዳሪ ዚእለ ቤት ምኽሪ ወለዲ ፍሉይ ትምህርቲ፡ ኣብ ስድራቤታትን ሰራሕተኛታትን ናይ ዘሎና ኣረኣእያታት ተሓለቕቲ ናይ ምዃን ተልእኾ ሓቢሮም ንዝዓዩ ወለዲ/መጕዚታት ከምኡውን ኣባላት ኮም ዘካተተ እዩ።

ተልእኾ SEEPAC፥ ንብቕዓት'ቲ ብደረጃ ኣውራጃ ዚካየድ ፕሮግራማትን ልምድታትን ፍሉይ ትምህርቲ ንምምሕያሽ ተባሂሉ ኣብ መንጐ ተማሃሮ፡ ወለዲ፡ ኣባላት ኮምን ኣማሓደርትን ንዚግበር ርክብ ምስላጥ እዩ።

SEEPAC፡ ነቶም ስንክልና ዘለዎም ተማሃሮ ብቕዓ ኣገልግሎታት ኣብ ምሃብ ጻዕርታት መታን ኪካየድ፡ ብዛዕባኡ ሕቶታት ንኸተልዕሉ፡ ንዘለኩም ስክፍትታት ከተስምዑንን ቀጥታዊ ርእይቶ ድማ ንኣማሓደርቲ ንኸተቕርቡን ዕድል ይህበኩም።

### ኣብዚ ብዋና-ኣማሓዳሪ ዚእለ ቤት ምኽሪ ወለዲ ፍሉይ ትምህርቲ ኪጽንበር ዘለዎ መን እዩ፧

- ☑ እቶም ከም ውልቃዊ ፕሮግራም ትምህርቲ (Individualized Education Program (IEP))፡ መሳለጥያ 504 ወይ ካብ ኣውራጃ ወጻኢ ዚግበር ምደባ ዝኣመሰለ ዓይነት ኣገልግሎታት ፍሉይ ትምህርቲ ወይ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዚውሃብ መሳለጥያታት ዝቕበሉ ወለዲ ከምኡውን/ወይ መጕዚታት ቆልዑ እዮም።
- ☑ እቶም ውላዶም ዝተፈልየ ዓቕሚ ምምሃር ኣለዎ ኢሎም ዝሓስቡ ወለዲ።
- ☑ እቶም ንመስርሕ ፍሉይ ትምህርቲ ክርድእዎ ዝደልዩ ወይ ግዳሰ ዘለዎም ወለዲ።
- ☑ ተወሳኺ ሓበሬታ ክረኽቡ ዝደልዩ ወለዲ፡ መምሃራን ወይ ኣባላት ኮም።

ብዋና-ኣማሓዳሪ ዝእለ ቤት ምኽሪ ወለዲ ፍሉይ ትምህርቲ፡ ኣብ ምሉእ ዓመተ-ትምህርቲ ሽዱሽተ ኣኼባታት ኣካዪዱ። ነፍስወከፍ ኣባል SEEPAC፡ እንተወሓደ ኣብ ሓሙሽተ ኣኼባታት ንኽሳተፍ መብጽዓ ኪኣቱ ይግባእ።

ንSEEPAC ንኽትጽንበሩ ተገዳስነት እንተልይኩም፡ ነቲ ክርኤ ዘለዎ መመልከቲ መሊእኩም ከተረክቡ፡ ብኽብረትኩም ኣብዚ ሊንክ፥ https://survey.sogolytics.com/r/g7dSda እተዉ ወይ ነዚ ኮድ QR ስካን ግበሩ።

### ሕጹያት ዝቐርብሉ ሰሌዳ-ግዜ

**26 የካቲት 2024 | ምጅማር ሕጹያት ዝቐርብሉ ግዜ**

ንኻልእ ሰብ ክትሓጽዩ ወይ ንገዛእ-ርእስኹም ክትሓጽዩ ክትመርጹ ትኽእሉ ኢኹም።

**11 መጋቢት 2024 | ምዝዛም ሕጹያት ዝቐርብሉ ግዜ**

ሕጹያት፡ ኣብ ቤት ምኽሪ ንኸገልግሉ ግዳሰ ከምዘለዎም ዜረጋግጽ ኢመይል ይቕበሉ።

**15 መጋቢት 2024**

ኣባላት SEEPAC፡ ብኢመይል ኪሕበሩ እዮም።

DeKalb County School District




DeKalb County School District (DCSD)፡ ካብ ኲሎም መሻርኽቲ ርእይቶታት ንኺቕበል ይሓትት፣ ምኽንያቱ፡ ንገንዘባዊ-ሓገዝ ESSER III - ARP Act ኣብቶም ፍቓድ ዝተዋህቦም ባጀታት ነውዕሎ ስለዘሎና እዩ።

ነዚ ዳህሳሳዊ-መሕተት ንኽትረኽቡ ወይ ንኮድ QR ንኽትጥቀሙ ኣብዚ ጠውቑ። እዚ ዳህሳሳዊ-መሕተት'ዚ፡ 12 መጋቢት 2024 ኪዕጾ እዩ።

ኮድ QR





ክፍለ-ግዜ ምስማዕ ርእይቶ ማንዛዊ ኮም DEKALB COUNTY SCHOOL DISTRICT

**ብዛዕባ ምቕያር ስም ዚምልከት ሓበሬታ**

DeKalb Elementary School of the Arts | ምቕያር ስም

**ዕለት**
ሰሉስ፡ 27 የካቲት 2024

**ሰዓት**
6:00 ድ.ቀ

**ምዝገባ**

**ኮድ QR**

[ተወሳኺ ሓበሬታ ንኽትረኽቡ ኣብዚ ጠውቑ](#) →

DeKalb County School District

**ኣውረጃ 2**


Soulful Reunion
ክፋል 2
(ስምዒት ዚመልእ ምትእኽካብ)
ንወርሒ ታሪኽ ጸለምቲ ምብዓል
ንስድራቤታትን ናይ ቅድም ተማሃሮን DCSD ይምልከት
ደጊምና ንተኣኻኸብ፣ ሓሳባትና ንወሃሃብን ዝምድና ዳግማይ ነሐድስን!
ረቡዕ: 28 የካቲት 2024
6:00 ድ.ቐ
8:00 ድ.ቐ
Miller Grove HS
2645 DeKalb Medical Pkwy
Lithonia, GA 30058
ከም ሕቡናት ናይ ቅድም ተማሃሮ DCSD መጠን፡ ነዚ ሃብታም ባህልና ክብሪ ኣብ እንህበሉ እዋን፡ ንኣገዳስነት ትምህርታዊ ጉዕዞ ደቆም ብዚምልከት ንስድራቤታት DCSD ሓበሬታ ንዝህብሉ ዕድል ኣመልኪቱ ዚውሃብ ፍሉይ ዕድመ እዩ።
ንምንታይ ትሳተፉ፧
✓→ምስ ናይ ቅድም መምሃርትኹም ዳግማይ ርኹብ ክትገብሩን ዝምድናታትኩም ክተሐድሱን
✓→ነቲ ዘለኩም ዝኽርታትን ሓበራዊ ዓወታትን ደጊምኩም ክትርእዩ
✓→ብግዜኹም፡ ብክእለትኩምን ፋይናንሳዊ ደገፍን ንኣብያተ-ትምህርትናን ኮምን ዳግማይ ክተሐድሱ
ንኽትምዝገቡ፡ ኣብዚ ሊንክ ጠውቑ ወይ ኣብ ኮድ QR ስካን ግበሩ
https://bit.ly/SoulfulReunion2
DeKalb County
School District
(Department of Family and Community Empowerment)
ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ተወከሱ፥
stephanie_b_valentine@dekalbschoolsga.org
karen_ealey@deklabschoolsga.org



Hitting the Road With Horton - Hambrick ES & Stone Mountain HS (ናይ ስጳንኛ መግለጺ)

https://www.youtube.com/watch?v=tWSpsInXTv8




https://www.tfaforms.com/5103968


DeKalb County
School District
District 6 Town Hall
ንተማሃሮና ሓለዋ ምግባር
ኣብ ጣውላ ዚግበር ዝርርብ ድሕነት ቤት ትምህርቲ
ሓሙስ
29 የካቲት 2024
ካብ 5:30 ድ.ቐ
ክሳዕ 7:30 ድ.ቐ
Stone Mountain High School
4555 Central Drive,
Stone Mountain, GA 30083
ፍሉያት ኣጋይሽ፥
ማዘያዊ መኮንን Larry Wright
Darnell Logan
(Safe Schools & Student Relations)
Dr. Kishia Towns
Chief Wrap Around Services)
ኣኣንጋዲ፥
Mr. Diijon DaCosta, Sr.







ናይ ወለንተኛታት ዳህሳሳዊ-መሕተት - Dr. Yolanda Williamson

https://www.youtube.com/watch?v=UO9m5r2AiAY




Encuesta para Voluntarios - Dr. Yolanda Williamson

https://www.youtube.com/watch?v=3IKFi8oVP6M

TIGRINYA



# Cross Keys High School Modernization

## Community Engagement Meeting

**special community engagement meeting to discuss plans for the modernization of Cross Keys High School**

Wednesday, March 13, 2024
6:00 PM (English with Spanish Support)
at Cross Keys High School - Cafeteria
1626 N. Druid Hills Rd NE, Atlanta, GA 30319

DeKalb County
School District



# ምዝማን Cross Keys High School
## ኣኼባ ጽምዶ ኮም

**ብዛዕባ ምዝማን Cross Keys High School**
**ዝምልከት ውጥናት ንምዝርራብ ዚካየድ ኣኼባ ፍሉይ**
**ጽምዶ ኮም**

ሮቡዕ፡ 13 መጋቢት 2024
6:00 ድ.ቐ (ደገፍ ስጳንኛ ዚውሃቦ እንግሊዝኛ)
ኣብ ካፈተርያ – Cross Keys High School
1626 N. Druid Hills Rd NE, Atlanta, GA 30313

DeKalb County School District




https://www.dekalbschoolsga.org/summer-school/flex-academy/

**ፖሊሲ ተሳታፍነት ወለዲ (በጻሕቲ ቤት ትምህርቲ)፥ ርእይቶ የድሊ**

ሕቶ ThoughtExchange፥ ብዛዕባ ኣብ ስራሕ ዘሎ ፖሊሲ ወለንታውያን (ፖሊሲ ቦርድ IFCD፡ ወለንታውያን ቤት ትምህርቲ) ዚምልከት ሓሳባትኩም እንታይ እዩ፧

https://my.thoughtexchange.com/scroll/779427686/welcome




ኣብ ውድድር ላባራቶሪ ምህዞኣዊ መፍትሒታት (Innovative Solutions Laboratory) ንዚኣቱ እማመታት ንቕበል ኣሎና፣ እዚ ድማ ኣብ ጽድያ 2024 ኪካየድ እዩ። ንኽተመልከቱ፡ [ኣብዚ](#) ጠውቑ።


መደብ ኩዑሶ ሰኪዔት
መባእታ
16ን 23ን መጋቢት
2024
DEKALB COUNTY SCHOOL DISTRICT
ኣትለቲክስ
ንኽትምዝገቡ ናብ https://bit.ly/49vKC3 እተዉ






ንኽብሪ ኣሰልጣኒ Cobb Stadium ዝተወፈየ

https://www.youtube.com/watch?v=5j7Y-1_d-84







ዳውንሎድ ግበርዎ፥ https://bit.ly/4b20U7K

ወለድን መጕዚታትን፡ ነዚ ናጻ ዚኾነት ኣፕሊኬሽን Edulog Parent Portal App ከውርዱ (ዳውንሎድ ኪገብሩ) ምትብባዕ ይግበረሎም። እዛ ኣፕሊኬሽን'ዚኣ፡ ወለድን መጕዚታትን፡ ኣውቶቡስ ውላዶም ኣበይ ከምዘላ ብቐጥታ ንኺከታተሉን ኣውቶቡስ ናብ ፌርማታ፡ ቤት ትምህርቲ ወይ ልሙድ ሓበሬታ ዚውሃበሉ ቦታ ኣብ ዝቐረበትሉ ግዜ እዋናዊ ሓበሬታ ንኺረኽቡን ትገብሮም። ወለድን መጕዚትን፡ ንውላድኩም ዝምልከት ፍሉይ መለለዪ ሓበሬታ ብምምዝጋብ ጥራይ ኣገልግሎት ይረኽቡ። ብዛዕባ'ዛ ኣፕሊኬሽን Edulog ዚምልከት ዝኾነ ሕቶታት ወይ ጸገማት እንተሊኩም፡ ብኽብረትኩም ንመጓዓዝያ ቤት ትምህርቲ (DCSD) ብ(678) 676-1305 ተወከሱ። ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ኣብዚ ጠውቑ።







ሽልማት ምሕያል ኣዋልድ (Girl Empowerment Awards) (ናይ ስጳንኛ መግለጺ)

https://www.youtube.com/watch?v=ZSS_PdIm93M




**ምብዓል ወርሒ ታሪኽ ጸለምቲ – የካቲት**

DeKalb County School District https://www.dekalbschoolsga.or

እንቛዕ ናብ ወርሒ ታሪኽ ጸለምቲ ኣብጽሓኩም! DCSD፡ ኣብ መላእ'ዚ ወርሒ'ዚ፡ ንውርሻ፡ ዓወታትን ኣበርክቶታትን ጸለምቲ ኣሜሪካውያን ኣብዒላ። ኣብ ታሪኽን ባህልን ሃገርና ንዝገበርዎ ዓቢ ጽልዋ ክብሪ ኣብ እንህበሉ ግዜ ተጸንበሩና። ንምሃር፡ ንጸንብልን ብሓደ ድማ ንዕበን።

Disrupting for Excellence

(ንብሉጽነት ምልዕዓል)